# ንምድላው ጽሑፍ ኣብ ክሲ መስርሕ ውሳኔ ዳብሊን -III- ምርኩስ ብምግባር ንምቅራብ ናይ ተሞክሮ ጸብጻብ

በዚ ጽሑፍ'ዚ ኣቢልና ንኣገባብ ብይን ዳብሊን -III- ብዝምልከት ብዓቕምኹምን ብዘሎኩም ተሞክሮን ዘኽእለኩም ጸብጻብኩም ንምጽሓፍ መታን ክትክእሉ ሓገዝና ነወፍየልኩም። ኣብ ሓፈሻዊ ኩነታት ኣብ ሓንቲ ኣባል-ሃገር ዳብሊን-III- (ኣውሮጳ ሕብረት ስዊዝን ኖርወይን) ጥራሕ ዝተምርኮሰ ንብ ብሕቲ ዝቐርብ ክሲ ካብ ምስጓግ ኣየድሕንን። እቲ ቤት-ፍርዲ ብቐዳምነት ንብሕታዊ ካብ ምስጓግ ዘድሕኑ ምኽንያታት (ጭብጢ) ብፍሉይነት ኣብ ግምት የእቱ። ኣብ ትሕቲ ብሕታዊ ምክንያት ኣብ ካልእ ሃገር ንዝፍጸም ተሞክሮ ነቲ ሃገር ምግዳፍ ዝውሰድ ምረጫ ርዱእ ይገብሮ። እቲ ዋና ትዕዝብቲ (ጠመተ) ናይ ጸብጻብኩም ኣብ ዘጋጠመኩም ሽግርን ግድልን ንምስ ኣባል-ሃገራት እትከራኸርሉ ይኸውን።

ዋላ'ኳ ክሳዕ ሕጂ መንጸግቲ እንተዘይ መጺኩም፣ ኣቀዲምኩም ብተገዳስነትን ብጥንቃቐ ናይ ተሞኹሮኹም ጸብጻብ ብጽሑፍ ምቅራብ፣ እቲ ናይ ግዜ ገደብ ንክስን ንኣመልካቲ ሕጋዊ ርእይቶ(ሓሳብ) ንምክልኻል ካብ ድሒሩ ዝመጽእ ሓደጋ ምምላሰ ብህጹጽ ንሕጋዊ መከላኸሊ ንመቕራብ ግዜ ዘይህብ ስለ ዝኾነ፣ ንኣንጻር ካብ ካለእ ኣባል-ሃገር (ኣብ ሓጺር ግዜ ) ዝጋጥም ሓደጋ ንምግጣም ስለ ዘድሊ። ንህጹጽ ክሲ ምቕራብ ናይ ግዜ ገደብ ሓደ ሰሙን ጥራሕ ክኸውን ክሎ፣ ናይ ዘይ ህጹጽ ክሲ ንምርካብ ግን ኣብ ውሽጢ 2 ሰሙን ካብ ውሳኔ ዝተቐበልኩምሉ ግዜ ኢዩ፡፡ ብዕውት ንዝቐርብ ህጹጽ ጥርዓን ጥራሕ'ዩ ንምምላሰ ንግዚኡ ደው ክብል ዝኽእል።

ብዝተኻእለኩም መጠን፣ ብቀደምተኸተል ዝተተሓሓዘ ድርሰት ምስ ኑዕዞኹም ዝተኣሳሰረ ብጽሑፍ ከተዳልዉ ነተሓሳስበኩም፡፡ ንሱ ድማ ብዝተኻእለኩም መጠን ንኣቀራርባ "ማዓልታዊ መዘክር" ብዝመስል ኣገባብ ኣብ ግምት ብምእታውን፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ነጥብታት ከም ሓባሪ ብዘገልግል ኣገባብ ክኸውን ይግባእ። ነዚ ብምስተውዓልን ጥንቃቑን ድሕሪ ምምባብኩም፣ ብሓቅንትን ንኑዕዞኩም ኣንፈት ብዝጥምት መልክዕን ብዕምቖት መልስዎ።

ብዕምቖት ማለት ከምዚ ዝስዕብ :-

1. ብዝተኻእለኩም ብርጉጽ ስም ብምርቋሕ፣ ናይ ቦታ ስም (ንኣብነት ናይ ከተማታት ስም፣ ኣቀማምጣ ንቤት ካልእ ህንጻታትን፣ መንበሪ(መዕረፊ)፣ ናይ ጎደና ስም ምቅራብ። ክሳዕ ክትዝክርዎ ትኽእሉ ብዝርዝር ኣቕርብዎ። ከምኡ'ውን ቦታታት ከም ምድሪ-ባቡር፣ መዓርፎ-ነፈርቲ፣ ብተወሳኺ ንምርኣዮም ኣገደስቲ ቦታታት(ታሪኻዊ ቦታታት) ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ክትጠቕሱ ትኽእሉ።
2. ንተረኽቦ (ፍጻሜ) ንእትገብሮዎ ጸብጻብ ናይ ግዜ መዝገብ፣ ኣብ'የናይ መዓልቲ፣ ኣብ'የናይ ወርሒ፣ ከምኡ'ውን ዓመት ከም ዝተፈጸመ ክኸውን ይግባእ።

ጸብጻብኩም ብዝርዝርን ብሕታውን ከምኡ'ውን ብዝተኻእለ መጠን ንጹርን ልክዕን ክኸውን ይግባእ። ከመዚ ዓይነት ጸብጻብ ንምጽሓፍ ቀሊል ከምዘይኮነ ንዓና'ውን ብሩህ ኢዩ። ዋላ'ውን ንዓኹም ፣ ብዛዕባ ዝተወሰነን ፍሉይን ተመኩሮን ፍጻሜን ምጽሓፍ(ምሕባር) ይጸግምኩም፣ ብኹሉ ኒሕኩም ተላዓሉ፡፡ እዚ ድማ ንብጭብጢ ንእተቕርብዎ ክሲ፣ ከምኡ'ውን ንእተረክብዎ ህጹጽ ጥርዓንን ዓቢ ኣበርክቶ ኢዩ። ምናልባት'ውን ድሕሪ'ዚ ኩሉ ፍሉይ ተመኩሮ ክትገልጽዎ እንተዘይ ከኣልኩም ወይ ዘይደለኹም፣ ይኹን እምበር ኣብ ግዚኡ ምስ ኣማኻሪኹም (ናይ ሕጊ ኣማኻሪ) ተዛረቡ። ምናልባት ካብ'ዚ ገለ ወይ ብዙሕ ሕቶታት ምስ ዘይርድኣኩም፣ ምስ ናይ ጀርመንይና ቋንቋ ተዛረብቲ ኣዕሩኽ፣ እትፈልጥዎም፣ ኣዝማድ ወይ ውን ኣብ ጥቓኹም ምስ ኣብ እትነብርሉ መንበሪ (ቤት) ዘለው ናይ ማሕበራዊ ስራሕ ኣባላት ሓገዝ ክተሓቱ ትኽእሉ።

# ምእታው ናብ አውሮጳ

ብኽብረትኩም፣ ንኣብ ውሽጢ አውሮጳ ንዝገበርኩምዎ ጉዕዞ ኣብ ኣየነይቲ ሃገር ቁጽጽር ከም ዝተገበረልኩም ፤ ማለት ኣበይ ኣሰር ኣጻብዕ ከም ዝተወሰደልኩም፣ ከምኡ'ውን ንመንነትኩም ብዝምልከት (ስምኩም፣ ስእሊ፣ ወ.ዘ.ተ) ብፖሊስ፣ ሓለዋ-ዶብ ወይ'ውን ኻልእ መንግስታዊ ትካላት ምምዝጋብ ወይ ብኻልእ ግዜ ዝተወሰደልኩ ግለጽዎ፡፡

- ብኸመይ'ዩ መንነትኩም ብዝርዝር ተመዝጊቡ፤ ብጽሑፍ'ዶ ወይ ብቓል ጥራሕ፥
- ብኽብረትኩም ንኽንደይ ዝኸውን ግዜ ኣብ'ዘን ሃገራት ጸኒሕኩም፥ ብዝተካእለ መጠን፤ ንኽንደይ ኣዋርሕ ወይ ዓመት፤ ኣብ ኣየኖት ቁጽጽር ከምዝተገበረልኩምን ብዝርዝር ግለጹ።
- ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ዶብ ንምስጋር ኣብ ዝገበርኩምዎ ፈተነ ብፖሊሰ ወይ ሓለዋ-ዶብ ተኣጊድኩም'ዶ፥
- ኣብ ሓንቲ ሃገር ብፖሊስ ወይ ሓለዋ-ዶብ ኣብ ቀይዲ'ዶ ተታሒዝኩም፤ ምናልባት እንተ ተታሒዝኩም'ከ፤ ኣተሓሕዛ እቶም ፖሊስ ኣብ ልዕሌኹም ከመይ ነበረ፥
- 

# ናብራ፤ ከምኡ'ውን መነባብሮ ኩነት ኣብ'ታ ኣባል-ሃገር

ብፍሉይን ኣገዳስን ግን ህይወትኩምን ናይ መነባብሮኹም ኩነትን ኣብ ብዛዕባኹም ተሓታቲ ኣባል-ሃገር ፤ማለት ድሕሪ ናብ'ቲ ቦታ ምእታውኩም ከመይን ኣበይን መንበሪ ከም ዝተዋህበኩምን፣ ኣብ'ቲ ቦታን ከባብን ከመይ ዝበለ ናይ መነባብሮ ኩነታት ከምዝነበርኩምን ብጸበጻብ ክትገለጹ ይግባእ።

**ኣብ ናይ ስድተይናታት መዕቆቢ (መንበሪ)**

ድሕሪ ምስግጋርኩም፤ ናብ ናይ ስደተይናታት መዕቆቢ ምስ በጻሕኩም ብቀዳምነት ስም ቦታን፣ ናይ መዕቆቢ፣ ንውሓት ዝጸናሕኩምዎ ግዜን መዝግቡ። ብምቕጻል ብዛዕባ ናይ ህይወትኩም መነባብሮ፣ ናይ መንበሪኹም ኩነት፣ ከምኡ'ውን መንበሪ ቤትን ግለጹ። እዚ ድማ ብከም'ዚ መልክዕ:-

- ክንደይ ዝኾኑ ስደተይናታት ኣብ ዘሎኹምዎ መዕቆቢ ይነብሩ(ብግምት)፥
- ኣበይን ብኸመይን ትድቅሱ፥ ሓንቲ ክፍሊ'ዶ ተማቂልኩም፥ እንተዘይኾነ'ኸ፣ ምስ ክንደይ ካልኦት ሰባት ፥ ዓራት'ዶ ተዋሂቡኩም፥ እንተኾነ'ኸ፣ ኣበይ ድኣ ትድቅሱ ኔርኩም፥
- ናይ መግቢ ኣቕርቦት ከመይ ኔይሩ፥ ስሩዕ ዝኾነ ናይ መግቢ ግዜ'ዶ ኔሩ፥ እንተኾነ'ኸ መኣስ፥ ዝኣክል መግቢ'ዶ ይቐርበልኩም ኔሩ፥
- ዝኣክል ናይ ጽርየት ትካል'ዶ (ዓይኒ ምድሪ፣ መሕጸብ ኣካላት) ኔሩ፥ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰን ኣብ ክፍልኹምን (ጽሩይ'ዶ ወይ ረሳሕ) ኩነታት ጽርየት ከመይ ኔሩ፥ ክዳውንትኹም ንምሕጻብ ዕድላት ኔሩ'ዶ፥ ከም ናይ ኣካላትን ጸጉርን መሕጸቢ ፈሳሲን ሳሙናን ንጽርየትኩም ዝኸውን ኔሩኩም'ዶ፥
- ክፉት ወይ ዕጹው መንበሪ'ድዩ ኔሩ፥ ንግዚኡ ወጺእኩም ክትምለሱ ትኽእሉ'ዶ ነርኩም፥ ንኽትወጹ ናይ መንነት ሰነድ ኔሩኩም'ዶ፥
- ደብዳበ ንምቅባል ዕድል ኔርኩም'ዶ፥ ንነበርቲ ናይ ፖስታ ሳጹን ኔርኩም'ዶ፥
- ብሓፈሻ ኩነታትኩም ኣብ'ቲ ዝነበርኩምሉ ቦታ ናብራን ከመይ ሓሊፉ፥

**ወጻኢ ካብ መዕቆብ ስደተይናታት**

ሀ) ኣብ ናይ ስደተይናታት መዕቆቢ እንተዘይ ኔርኩም:-

- ኣበይን ከመይን ትነብሩ ነርኩም፥ ኣብ ቤት፣ ገዛ(ክፍሊ)፣ ቤተ-ክርስትያን፣ ግዝያዊ መዕቆቢ፣ ምስ ኣዕሩኽ ወይ ኣዝማድ፥

ለ) ካብ ምዕቆቢ ስደተይናታት ተሰናቢትኩም'ኩ:-

- ካብ'ቲ መዕቆቢ ዝረኸብክምዎ ሓገዝ ወይ ሓበሬታ ኣሎ'ዶ፥ ድሕሪ ምስንባትኩም ርክብኩም ምስ መን ኮነ፥ ብኽብረትኩም ድሕሪ ካብ መዕቆቢ ስንብታኹም ህይወትኩም ከመይ ከምዝቐጸለ ኣብርህዎ።
- ኣብ መወዳእታ ኣብ እንዳ ስደተይናታት'ዶ ዓሪፍኩም፥ ምናልባት ኣብ ናይ ስደተይናታት መዕረፊ እንተ ተቐሚጥኩም ኣበይ'ዩ ኔሩ፥ ንኽንደይ ግዜ'ኸ ኣብኡ ጸኒሕኩም፥ ናይ'ቲ መዕረፊ ዋና መን ኔሩ፥ ናይ ናብራ ኩናታት ኣብ'ቲ መዕረፊ'ኸ ከመይ ኔሩ፥

ሐ) ግዳም ሓደር እንተ ኔርኩም'ኩ:-

- ንኽንደይ ግዜ ዝኣክል ግዳም ሓደር ኔርኩም፥ ኣበይ'ከ ትድቀሱ ኔርኩም፥ ምስ ሓደ ጉጅለ ተጸጊዕኩም'ዶ ኔርኩም ወይ ንበይንኹም፥
- ኣብ'ዚ መንጎ ካብ እትነብርሉ ዝነበርኩም ከተማ ቀይርኩም'ዶ ትፈልጡ፥ ወይ ኣብ ሓደ ቦታ (ከተማ) ኢኹም ትነብሩ ኔርኩም፥
- ንክትነብሩ ንህይወት ዘድሊ መሰረታዊ መዳይ (መግቢ፣ ዝስተ፣ ዓይኒምድሪ፣ ምሕጻብ) ከመይ ገርኩም ተማልኡ ኔርኩም፥ እቲ እትረኽብዎ ዝነበርኩም መግቢ'ኸ እኹልን በብእዋኑን'ዶ ትረኽቡ ኔርኩም፥
- ብእዋን ከራምቲ፣ ንቑሪ ከመይ ገርኩም ትከላኸልዎ ኔርኩም፥
- ሓገዝ ንምርካብ ፈቲንኩም'ዶ፥ ማለት ካብ ናይ ረዲኤት ማሕበራት፣ መንግስታዊ ትካላት ወይ ፖሊስ፥ ነዚ ብዝምልከት ተሞክሮኹምን ምልክቱን ብምዝካር ብዝርዝር ግለጽዎ።

**ማእሰርቲ**

ተኣሲርኩም እንተ ኔሩኩም፤ መእሰሪኹም ምኽንያትን፣ ኣገባብ ኣተኣሳስራኹምን፣ ኣብ እስሪ ዝጸናሕኩምሉ ግዜን፣ ዝቐረበልኩም ሕቶታትን ከምኡ'ውን ሕጋዊ መሰነይታ ምርካብኩምን ዘይምርካብኩምን ግለጹ።

**ሓፈሻዊ**

ኣስተውዕሉ፤ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ፤ ኣብ ከመይ ዓይነት መንበሪ ኔርኩም ብዘየገድስ ፤ ንእኩብ ድምር ኣባል-ሃገራት ዘጠቓልል'ዩ:-

- ብስሩዕ ጥረ-ገንዘብ ወይ ነገራዊ (ቁሳቑሳዊ) ሓገዝ ካብ መንግስታዊ ትካል ወሲድኩም'ዶ ትፈለጡ፥ እንተኾነ'ኸ፤ እቲ ድምር ገንዘብ ወይ ዓይነት ሓገዝ ጽሓፉዎ።
- ብኻልእ መንገዲ ገንዘብ ወኒኒኩም'ዶ፥ ስራሕን ወይ መንበሪ ቤት ንምርካብ ፈትንኩም'ዶ ትፈለጡ፥ እንተኮነ'ኸ እቲ ውጽኢቱ እንታይ ኢዩ፥ ኩሉ ዓይነት ናይ ብደምወዝን ዝሰራሕኩምዎ ስራሕን ሓብሩ።

## ሕማም

- ብዝኾነ ዓይነት ሕማም እንኮላይ ሰነ-ኣእምሮ ወይ ሰነ ኣእምሮኣዊ ሕማማት ትሳቀዩ ኔርኩም'ዶ ወይ ኣለኹም፤ እዚ እንተኾይኑ'ኸ፤ ኣበይ ኢኹም ተጠቒዕኩም፥ ሕክምናዊ ክንክን'ከ ከመይ ኔሩ፥ ሓኪም ንምብጻሕን መደሓኒት ንምርካብን ዕድል ረኺቡም'ዶ፥ እንተዘይኮነ'ኸ እቲ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ዘይመኽኣሊኹም ምኽንያት እንታይ ነበረ ፥
- ገና ሕጂውን ብሕማም ትሳቐዩ'ዶ ኣለኹም፥

## ርትዓርትዓዊ ምፍልላይ/ ዓመጽ

- ርትዓዊ ምፍልላይ ወይ ዓመጽ ኣጋጢምኩም'ዶ፥ እንተኮነ'ኸኣ፤ ብዝተኻእለኩሉም መጠን ነቲ ተረኽቦ ብዝርዝር ግለጽዎ ። ከምኡ'ውን ፤ ኣብኡ ዝተሳተፉ ሰባት (ዝከኣል ምስኽሽውን) ጥቐሱ። ገለ ከቢድን ከምኡ'ውን ሓደገይናን ተሞክሮ'ዶ ገጢሙኩም፥ ገለ ካብ'ዚ ክትዝክሩ'ዶ ትኽእሉ።

## መሰርሕ ሕቶ ዑቕባ

ኣብ ሓንቲ ኣባል-ሃገር ሕቶ ዑቕባ ኣቕሪብኩም እንተ ኔርኩም፤ ንጉዕዞ መስርሕ ሕቶ  ዑቕባኹምን  ዝኸዶ መስርሕን ግለጽዎ፦

- ቃለ መሕትት፣ (ቃልኩም ተስምዕሉ) ገርኩም'ዶ፥ ውጽኢት ናይ ስደት ሕቶኹም ብከመይ ተወሲኑ (ከይዱ)፥
- ናይ መንበሪ-ፍቓድ ወሲድኩም'ዶ፥ ወይ ካልእ ናይ መንበሪ ቅጥዒ፣ ንኽንደይ ዓመት'ዩ እቲ ሕጋውነት ናይቲ ፍቓድ፤ ገና ኣብኢድኩም'ዶ ኣሎ፥
- ናብ ሃገርኩም ንምምላሰ ተኣሚትልኩም'ዶ፥

## ቀጻሊ ጉዕዞ

መዓስ ኢኹም ካብ'ታ ኣባል-ሃገር ወጺእኩም፥ ነታ ሃገር መግደፊኹም ምኽንያት'ከ እንታይ'ዩ፥ ብዝተጨበጠ ምኽንያት ዲኹም ወይ ብሓፈሻዊ ናይ ህይወት ኩነታት፤ እቲ ካብ ካልእ ሃገር ንጀርመን ዝቐጸለ ግዕዞ ከመይ ኢዩ፥

- ብምድጋም ኣብ ሓንቲ ካልእ  ኣባል-ሃገር ተታሒዝኩም'ዶ፥ ኣብኡ ናይ ሕቶ ዑቕባ መስርሕ ተኻይድልኩም'ዶ ወይ ናብ'ታ መጀመርታ ዝኣቶኹማ ሃገር ክትምለሱ'ዶ ኔርኹም፥

ሕትመት:
ማሕበራዊ ኣገልግሎት ካስል- ምኽሪ ንዑቅበይናታታ
ደራሲት: ሽተፋኒ ሮኮስ
ኣሕታሚት ብዓልቲ ስልጣን: ሄልጋ ሲቨርስ (ማሰ ካስል/ ምኽሪ ንዑቅበይናታታ) ከምኡ'ውን ካሪን ዲል (ዲኮኒ ሄሰን /ስደት ባህልዊ ዕዮ ዑቅባ፣ ሕድሕዳዊ ባህላዊ ዕዮ፣ ስደት)
ተርጓሚ: ካሕሳይ ገረዝጊሄር
ሰነ 2014